# ካብ መጽሓፍትን ጽሑፋትን



**መበል 14 ክፋል ናይ እነብባ ዘሎና “ሓንቲ ጓል ኣፍቂረ” እትብል ብወልተር ትሮብሽ ዝተጻሕፈት ንእሽቶ መጽሓፍ ይቕጽል።**

. . . . . . . ነሓሰ 14

ዝኸበርካ ትሮብሽ . . .

ከም ብሓድሽ ደጊምካ ኸኣ ከመይ ዝበለ ደብዳቤ ጽሒፍካለይ! ኣጸቢቖ ዘይፈልጠካ ነይረ እንተ ዝኸውን ቀዲደ ምደርበኹዋ ነይረ። እንታይ እሞ ክብል? ኣየ ስብከት! ንዝኾነ ነገር ክትርእዮ ከሎኻ፡ ሓደ እግርኻ ኣብ ሰማይ፡ ሓደ እግርኻ ድማ ኣብ ምድሪ ዝረገጽ እዩ ዝመስል። ነቲ ዘሎኒ ጸገም መፍትሒ ዝኸውን ማዕዳ የብልካን። እታ ትኸውን ደኾን ኢለ ዝሓሰብኩዋ ሓንቲ፡ እታ ኣብ መወዳእታ መስመር ዘላ ዝበልካያ እያ። ንሳ'ውን እንተ ኾነት ኣብ ግብሪ እትግበር ኣይኰነትን።

ንስሲል ኪዳ እትብለንስ፡ ከመይ ኢሉ ክኸውን ይኽእል? ድሕሪ ትምህርቲ እንተ ኸድኩዋ፡ እቲ ወረ ኣብ ምልእቲ እታ ኸተማ ኸሳፍሕ እዩ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዘይትኣደነ ሕምየት ክልዓል እዩ። ምስናይ እዚ ምስ ኣኮኣ እያ ትቕመጥ ዘላ። ስለዚ ከመይ ኢለ ናብኡ ክቕልቀል? ኮፍ መበሊ ዘለዎ ቦታ ኸኣ ኣብ ምሉእ ከተማ የልቦን። መኪና የብለይን፡ ንመኪና ዝኸውን ገንዘብ እንተ ዝህልወኒ ኸኣ እሞ፡ ንምምርዓዋ'ውን ኣምበይ ምሸገረንን ነይሩ።

ዝጸሓፍካዮ ደብዳቤኻ፡ እቲ ትሕዝትኡ ዳርጋ ኩሉ ብዛዕባ ፍቕሪ ጥራይ እምበር፡ ብዛዕባ ገንዘብሲ ገለ እኳ ኣይጠቕስን። ኣብዚ ዓድና ካሜሩን፡ ገንዘብን ፍቕርን መቋርንቲ እዮም። ገንዘብ ዘለዎም ጥራይ ከኣ እዮም ኺምርዓዉ ዝኽእሉ። ስለዚ ኸኣ እዩ እቲ ገንዘብ ዘድልየኒ። ከይሰራሕካ ድማ ገንዘብ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ኸኣ ኣብ ሓደ ናይ ቤተ-ክርስትያን ቤት ትምህርቲ እምህር ነይረ፡ ካብኡ ድማ ተሰጕገ።

እስኪ በል --- ክርስቶስ እንተ ድኣ ርእሲ እታ ማሕበር ኰይኑ፡ እታ ማሕበር ከኣ ኣካላቱ፡ ክልቲኦም ሓደ እዮም --- ከመይ ኢሉ ድኣ እዩ ክርስቶስ ይቕረ ኢሉለይ ከሎስ፡ እታ ማሕበር ነቲ ይቕሬታ እትንፍገለይ? ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ኣነ ንውልቀይ እየ። ከምቶም ካልኦት መንእሰያት ኣቦታቶም ወይ ስድራ ቤቶም ዝድግፍዎም ሓደ እኳ የብለይን።

ኲነታተይ ከምዚ እዩ፡ - ኣብሓጒይ ሰለስተ ኣወዳት ነይሮሞ፡ ንሶም ድማ ቶኒ፡ ሙሴ ከምኡ ድማ ኦቶ እዮም። ቶኒ ቦኽሪ እዩ፡ ክርስትያን ስለ ዘይነበረ ድማ ክልተ ኣንስቲ ነይረንኦ። ሙሴ እቲ ማእከላይ፡ መምህር ናይ እምነተ-ክርስትና እዩ ነይሩ፡ ሓንቲ ሰበይቲ ኸኣ ነይራቶ። ንሳ ኸኣ ኣርባዕተ ቆልዑ ወሊዳትሉ፣ ክልተ ካብኣቶም ድማ ኣወዳት እዮም።

ኦቶ ሓንቲ ማርታ ዝስማ ሰበይቲ ነይራቶ፡ ሓደ ወዲ፡ ያኳስ ዝተሰምየ ድማ ወሊዳትሉ። ኦቶ ሞይቱ፡ ማርታ ሰበይቱ ድማ ብድሕሪኡ መበለት ኰነት። ኣብ ኣፍሪቃ እዚ ዕጫ እዚ ኩፉእ ዕጫ እዩ። ብኣንጻሩ እታ ሰበይቲ እንተ ሞተት፡ ነቲ ሰብኣይ ክሳዕ ክንድቲ ኣይከፍኦን እዩ። ከም ሓደ ጥሪት ዳርጋ ኸም ዘጥፍአ እዩ፣ ጥሪት እንተ ጠፍአ ድማ፡ ኣድላዪ ኾይኑ ምስ ዝርከብ ክትካእ ዝከኣል እዩ። ሰባኣያ ዝሞተ ሰበይቲ፡ መበለት፡ ግና ዋንኣ ከም ዘጥፍአት ጥሪት እያ። ሓገዝ ዝብሃል ድማ የብላን። እዚ ዕጫ ኣዚ በጺሕዋ ድማ ማርታ ብዘይ ሰብኣይ ምስ ወዳ ያኳስ ተረፈት። ከምቲ ጽኑሕ ስርዓት ሙሴ ኺወርሳ ነይሩዎ፡ ግና ክርስትያን ስለ ዘነበረ ኣብ ልዕሊ ሰበይቱ ከእትዋ ኣይከኣለን። እቲ ሕጊ ቤተ-ክርስትያን ከኣ ሓንቲ ሰበይቲ ጥራይ እዩ

ዘፍቅድ። ሓያል ነገር! ሕግን ስርዓትን ባህልን ዝያዳ ምደንገጸላ።

ስለዚ ድማ ሙሴ እታ ኺገብራ ዚኽእል ገይሩ፤ ንሳ ድማ ንማርታ ነቲ ንእሽቶ ወዳ ምእንቲ ኽምሃር ምስኡ ኸኸውን ወሲዱዎ። ንማርታ ድማ፡ ሳልሰይቲ ሰበይቱ ኺትከውን፡ ናብ ቶኒ አጸጊዖማ።

ቶኒ ንማርታ ብቕድሙ ኣይፈተዋን፡ ደሓር ከኣ ብዛዕባ ክርስትና'ውን ከምኡ ክሳዕ ክንድ'ቲ ባህ ዚብሎ ዓይነት ሰብ ኣይነበረን። በዚ ንማርታ ኣወሲኑዋ፡ ኣዋሪዱዋ፡ ኣሳቕዩዋ፤ ክዳን ኣይከድና፡ ሳእኒ ኣይገዝኣላ። ይትረፍዶ ከምተን ካልኦት ናታ ኣጒዶ ክሰርሓላስ፡ ነታ መሕጸቢት ሳቡና እኳ ነፊጒላ ድኣ ነበረ። ግና ምስናይ እዚ ኲሉ ኸኣ ሓደ ቆልዓ ወሊዱላ። እቲ ቆልዓ እቲ ኣነ እየ።

ቶኒ፡ ከምታ ነደይ፡ ንዓይ ድማ ብቕድሙ ከም ወዱ ገይሩ ኣይረኣየንን። ካብታ ካልኣይቲ ሰበይቱ ድሮ ሓደ ቆልዓ ነይሩዎ፡ ንሳ ድማ ካብ ኲለን እተን ኣንስቱ ፍትውቲ ነበረት። በዚ እምበኣር ብዘይካ እታ ኣደይ ካልእ ሓላዪ ኣይነበረንን። ስለዚ ግዲ ዘይተገብረሉ ቆልዓ እየ ነይረ።

ኣደይ፡ ነዛ ዝባነይ እትኸውን ክዳን ኽትገብረለይ ኣይተኻእላን። እዛ መሕጸቢት ሳሙና እኳ ስለ ዘይነበራ ኣካላተይ ኣጽርያ ኽትሓጽበኒ'ውን ኣይከኣለትን። ስለዚ ብርስሓት ዝኣክል ሕማም ናይ ቆርበት ክሳዕ ዝሕዘኒ ኲይነ። በዚ ኸኣ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ሓፈርኩ። ናብታ መደበር ምስዮን ዝመጻእኩላ መዓልቲ፡ ካብ ገዛ ሃዲመ ኮብለል በልኩ። ካብኡ ቀጺሉ ዘሎ ታሪኸይ ንስኻ ትፈልጦ ኢኻ።

ሕጂኸ ካብ ቤተ-ሰበይ ስለምንታይ ሓገዝ ከም ዘይብለይ ይርድኣካ ዶ ኣሎ? ነቦይ ወዲ ኣለዎ ኢልካ ዘይዝረብ ነገር እዩ። ብፍላይ እኳ ድኣ ሕጂ ክርስትያን ኲይነ።

ኣምበኣርእሲ እቶም ኣርባዕተ ደቂ፡ ሓወቦይ ሙሴ ነቲ ወደቦይ፡ ያኴስ፡ ወሲዱዎ። ኣነ ኣደይ ጥራይ እያ ዘላትኒ። ንሳ ኸኣ እታ ናይ ዕለት እንጌርኣ እኳ ካብታ ጭራም መሬት ጫኹራ እተብቁለን እያ እትረኽበን።

ውርሻ ኣሎኒ ዝብሎ ነገር ድማ የብለይን። እቲ ፍትው ወደቦይ እኳ እንተ ዝመውት፡ ቅድመይ ዝወርሱ፡ ያኴስን ክልተ ደቂ ሙሴን ኣለዉ። ምስ እዚ ኲሉ ድማ ንስሲል ብጽሓያ ትብለኒ ኣሎኻ። ኣረ እንታይ ሒዘ እየ ዝኸዳ . . . ጥራይ ኢደይ? ዘይከውን ነገር እዩ!

ፍራንስዋ

## . . . . . . . ነሓሰ 20

ዝኸበርካ ፍራንስዋ . . .

እቲ ታሪኽካ ከምኡ ጌርካ ብምሉኡ ስለ ዝጸሓፍካለይ ኣመስግነካ። ንዓሰርተ ዓመት ዝኣክል ተፋሊጥና፡ ኣብዚ ዘሎናዮ ኽንበጽሕ ከኣ ክንድኡ ወሲዱልና። ስለምንታይ ኰን ይኸውን? እታ ደብዳቤኻ ንሕና ምስዮናውያን ክንደይ ሰነፉት፡ ልኡኻት ናይ ኣምላኽ ምኻንና ኣርእያትኒ።

ዓሰርተ ዓመት ኣቢሉ ይገብር፡ ኣቦኻ ንዓኻን ነዴኻን ከም ዘይግደሰልኩም ነጊርካኒ ኔርካ። እዚ ኸኣ ሓቂ እዩ። ግናኸ ከመይ ዝበለ ስቓይን ኣደራዕን ከም ዘሀለፍኩም ኽግንዘቦ ኣይከኣልኩን። ኣብቲ መደበርና ምስ ተቐበልኩኻ፡ ቀጺለ ዝሓተትኩኻ ተወሳኺ ነገራት ኣይነበረን። ብዙሕ ጊዜ ከምዚ ዝበለ ጌጋታት ኽንገብር ንርአ ኢና። ኽንፈልጥ ኢልና ኣይንሓትትን። እቲ ርዝነት ናይቲ ዝፍለጥ ነገር ከይጭፍልቐና ስለ እንፈርህ፡ እሞ ነቲ ሓላፍነት ምስካሙ ስለ ዘፍርሃናዶ ኾን ይኸውን? ምናልባሽ።

ንሕና ምስዮናውያን ናብ ኣፍሪቃ ምምጻእና ጥራይ እኹል ኲይኑ ዳርጋ ይስምዓና እዩ። ርግጽ ኲሉ ጊዜ ኣብ ቤት ትምህርትን ኣኼባታትን ንርእየኩም ኢና። ግናኸ ዘይትኣደነ ርሕቀት ኣብ መንጎና ይርከብ። ገዛእ ርእስና ኣብቲ ዘለኹሞ ኲነት ኳንና ብዓይንኹም ጌርና ክንርኢ ኣይንኽእልን። ኣብ ክንድኡ ነቲ ወንጌል ከም ሕጊ ጌርና ክንእውጆ ንርከብ።

ክርስቶስ እንተ ዝጥምተናስ፡ ኣብ ክንዳና ክንድይ ኮን ምሓፈረ! ነዚ ደብዳቤኻ ከንብብ ከለኹ፡ ብውሽጠይ ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ እሓፍር። ርሕራሔ ዘይብልና ብሓሳብና ሃካያት ዝኾንና ዓይነት ኰይኑ ድማ ይርኣየኒ። ብዓል ሓንቲ ሰበይቲ ጥራይ እዩ መምህር ናይ እምነተ-ክርስትና ዝኸውን ድማ ንብል። ክልተ ኣንስቲ ዘለዋአ ግና ካብ ቤተ-ክርስትያን ይውገዝ። ካብቲ ዝነገርካኒ ግና ግደ ናይቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ኺገብር ድማ ይርከብ። ንዅሉ ብሓደ ዓይኒ ርኢኻ መፍትሒ ኺግበሮ ዝከኣል ኣይኰነን። ብተወሳኺ ኣብ ክንዲ ኵሉ ኬንና ድማ እዚ ቅኑዕ እቲ ኸኣ ጌጋ ክንብል ኣይንኽእልን። ግና ፍቕሪ ሃካይ ኣይኰነትን። ሓላፍነት ተሰኪምና -- ብርቱዕ ጻዕሪ ፍቕሪ -- ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ክንምርምር ይግብኣና። እምብኣር እቲ ዝግባእ ብዘይምሕታት ነቲ ዕዮይ ኺቃልል ብምሕሳበይ ይቕረ በለለይ።

በቲ ደብዳቤኻ ዝተነጸራለይ ክልተ ነገራት ኣለዋ። ሓደ፡ ኣብ ምብዛሕ ኣንስቲ ዘሎ ሽግር ባዕልኻ ክትርእዮ እትኽእል ነገር ምዃኑ እዩ። ሓደ ጊዜ’ውን ሓደ ሰብኣይሲ ኣብ ሓደ ጊዜ ንሓያሎ ኣንስቲ ኣመዓራርዩ ኬፍቅረን ዝከኣል እንተ ዀይኑ ሓቲትካኒ ኔርካ። እዚ ከም ዘይሰርሕ እምብኣር ርአ። እዚ ኸኣ ወይ ሰብኣዊ ፍቕራዊ ርክብ ኣብ መንጎ ሰብኣይን ኣንስቱን የልቦን፡ ወይ ከኣ ሓንቲ ካብኣተን ተፈታዊት ሰበይቱ እያ ትከውን። ዝኾነ ይኹን ኵሉ ጊዜ ጉድለትን ኣልቦነትን ቅንእን ጽልእን ዘይተርፍ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ምብዛሕ ኣንስቲ ዘለዎ ሓዳር ብዝምልከት ከመይ ምዃኑ ኣነጺሩ ይምስክሮ እዩ።

ንመረዳእታ ዚኣኣክል፡ እቲ ፍቱው ወደ’ቦኻ ከም ዝሞተ ጌርካ እሞ ገምቶ፡ እቲ ብዛዕባ ውርሻ ዝመጽእ ባእሲ ድማ ኣብ ግምት ኣእትዎ! መን እዩ ነቲ እተጠናነገ ናይ መሰል ውርሻ ነገር ክፈትሖ? ብርቱዕ ባእሲ፡ ብሰራሕ ጥንቆላ ኺይተረፈ፡ ኣብ መንጎ እቶም ኣሕዋት፡ ደቀ’ቦ፡ ደቀ’ደ፡ ደቂ ሓትኖ፡ ደቂ ሓወቦ፡ ኣብ መንጐኦም ከም ዝኸውን! እዚ ክኸውን ኣይንምነን።

እቲ ካልኣይ ነገር ካብ ደብዳቤኻ እተረዳእኩዎ ኸኣ እዚ እዩ፡- እቲ ናይ ስድራኻ ሕንፍሽፍሽ፡ ወይ ጌጋታት ናይቲ ምስዮን ብዘየገድስ፡ ኣምላኽ ግና ኣብ ህይወትካ ዕላማ ኣለዎ።

እቲ ኵሉ ዝበጽሓካ ኣጋጣሚ ብዘየገድስ ኣምላኽ ናብ መንግስቱ ጸዊዑካ ኣሎ። ኢድ እግዚኣብሄር ኣብ ኵሉ ኣሎ፤ ኣብ ስቓይ ኣዴኻ፡ ኣብቲ ፍቕሪ ዘየርኣየካ ኣቦኻ ኩሉ ኣምላኽ ግደ ኣለዎ። ከምኡውን ንዓይን ንዓኻን ኣፋሊጡና፡ ንኣኻ ድማ ኣድሒኑካ። ብኢድካ ሒዙ መሪሑካ። ናትካ ዘይምእዛዝን፡ ናተይ ጌጋታትን ከይርኣየ፡ ብኢድካ ሒዙ ናብ ስሲል ከኣ መሪሑካ። ኣየ ኢድ ኣምላኽ! ኣይተሓለለን። ንሕና እኳ እንተ ወደቕና፡ ንሱ ግና ከቶ ኣይሓድገናን እዩ።

እታ ደብዳበይ ናብ ግብሪ ዝትርጕም ትሕዝቶ ከም ዘይብላ ኣመልኪትካለይ ኔርካ። ካብቲ ኣምላኽ ዝገለጸለይ ንላዕሊ ኽገልጸልካ ኣይክእልን እየ። ብዙሕ ጊዜ ኣምላኽ እቲ ናይ መወዳእታ ውጽኢት ኣየርእየናን እዩ። እቲ ንጊዜኡ ዝውሰድ ስጉምቲ ጥራይ እዩ ዝሕብረና።

ኣብ መዝሙር ዳዊት 119 ከምዚ ይብል፡ “ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፡ ንመገደይ ከኣ ብርሃን እዩ።” ኣምላኽሲ ኵሉ እቲ መገዲ ምእንቲ ክንርእዮ ኣንዊሑ ዘርኢ ብርሃን ኣየተስፈወናን። እቲ ዘተስፈዎ ንእሽቶ ብርሃን ንእግርና ጥራይ እያ። ንእሽቶ መብራህቲ፡ ነቲ ቀረባ ዘሎ ጥራይ እያ እተብርህ።

እምበኣር እታ ቐዳመይቲ ስጉምትኻ ስራሕ ምርካብ እያ። ብዛዕባ እዚ’ውን ባዕልኻ ሓሲብካዮ ኣሎኻ። ፓስቶር ኣሞስ ደጊሙ ከም ብሓድሽ ከቕጽረካ ክትሓትቶ ክሕብረልካ እደሊ። ኣነ ኸኣ ብወገነይ ነቦ ስሲል ባዕሉ ከይዱ ኽዛረቦ ክጽሕፈሉ እየ። እዚኸ ድሓን ኰይኑዶ ይርኣየካ?

ደጊመ ድማ ንስሲል ክትዛረባ ከም ዘሎካ ኸኣ ዘጠራጥር ኣይኰነን። ከመይ ጌርካ ከም እትረኽባ ኣይትጨነቕሉ። ጓል ኣንስተይቲ ብልባ እምበር ብርእሳ ኣይኰነትን እትሓስብ። ከምኡ’ውን ኣብ

ግብሪ ብዝትርጐም ነገር ንሰብኣይ ሓለፍ ትብሎ እያ። ስለዚ ኣብ ስሲል እምነት ይሃሉኻ። ፍቕሪ ናታ ኣተሓሳስባ ኣለዋ።

ናታክ ትሮብሽ

. . . . . . . ነሓሰ 20

ናብ ዝኸበርኪ ስሲል . . .

ፍራንስዎ ደጊሙ ጽሒፉለይ እሞ፡ ኣብ መወዳእትኡስ ካብቲ ተሓቢኡዎ ዝነበረ ወጺኡ። እታ ደብዳቤኺ ዕላማኣ ወቒዓ። ሕጂ ኹኣ ድልውቲ ኩኒ። ትምህርቲ ምስ ተጀመረ፡ ድሕሪ ሰዓት ትምህርቲ ከይተጸበየኪ ኣይተርፍን እዩ። ብዛዕባ ህድእ ኢልኩም ክልቴኹም ብሓደ ኬድኩም እተዕልልሉ ቦታ ምሕሳብ ኸትጅምሪ ጽቡቕ እዩ።

ናትኪ ትሮብሽ

# ል ደ ት



ልደት፡ ዓመት ዓመት እነብዕሎ፣ ህያባት እንወሃሀበሉ፣ ነጋዶ እቲ ዝዓበየ ናይ ዓመታዊ መኽሰቦም ዘእትውሉ ወዘተ እዩ። ግና ልደትሲ ብዛዕባ እዝን ወድ ኸምዝንዶ እዩ? ልደት ብሕመረቱ ብዛዕባ እንታይ ወይ መን ድኣ እምበር ብዛዕባ ንግድን ቁሳቁሳዊ ህያባትን ትርፍን ኣይኰነን።

ልደት ቅድሚ ታሪኻዊ ፍጻሜ ምዃኑ፡ ትንቢታዊ ብስራት ኰይኑ ንኽልተ ሽሕ ዓመታት ኣቢሉ፡ ካብ ዘበነ ኣብርሃምን ቅድሚኡን፡ ክንገር ዝተጀመረ እዩ። ካብ ሙሴ ብ 1500 ድ.ል.ክ. ኣቢሉ ክሳዕ ነብዩ ሚልክያስ ብ400 ድ.ል.ክ. ዝኸውን፡ ነብያት ደጊሞም ደጋጊሞም ብዛዕባ ልደት ተነብዮምን ጽሒፎምን።

ኣብቲ ትንቢተ-ጽሑፋቶም ነብያት ብዛዕባ ትንቢት ልደት ናይ የሱስ ክርስቶስ፡ ብውሕዱ፡ ካብ 300 ንላዕሊ ተጠቂሱ እንረኽቦ እዩ። እቲ ኩሉ ትንቢታቶም ድማ በዚ ኣሽሕት ዓመታት ሓደ ኣተኰሮ ነይሩዎ። ንሱ ድማ ብዛዕባ ልደት የሱስ ክርስቶስ፡ ብዛዕባ ትስብእታዊ ኣገልግሎቱ፡ ብዛዕባ ሞቱ፡ ብዛዕባ ትንሳኤኡ፡ ብዛዕባ ዕርገቱ፡ ብዛዕባ ዳግማይ ምጽኣቱ እዩ።

ነብያት ብዛዕባ ልደት ካብ ዝተነበይዎ ቁንጥር ኣቢልና'ስኪ ንመልከት።

## 1. ነብዩ ኢሳይያስ።

እቲ ብ 740 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ ዝነበረ ነብዩ ኢሳይያስ ካብ እተነበዮ ትንቢታት ሓደ፡ ከምዚ ይብል፡

"ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተዋሂቡና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣቱ ከኣ ኣብ መንኲቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡ መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም፡ ኪስመ እዩ" (ኢሳ 9፡6)።

እዚ ትንቢት እዚ ብየሱስ ክርስቶስ ከም እተፈጸመ ወንጌል ማቴዎስ ሓቢርዎ ኣሎ (1፡23)። ብተወሳኺ እዚ ትንቢት እዝን ፍጻሜኡን የሱስ ክርስቶስ ካብ ኲሎም መራሕቲ ሃይማኖት ዝብሃሉ ፍልይ ዝበለ ምዃኑ ብግልጺ የመልክት። ብዘይካኡ ካልኦት ኲላቶም፡ መምህራን ናይ ሃይማኖት ጥራይ እዮም። የሱስ ክርስቶስ ግና ካብ መምህር ናይ ሃይማኖት ንላዕሊ ምዃኑ ዘየማትእ ሓቂ እዩ። ብመንነቱ ፍሉይ እዩ፤ ስጋ ለቢሱ፣ ሰብ መሲሉ እተጋህደ መለኮት (ኣምላኽ) እዩ። እቲ ብዛዕብኡ ብትንቢት እተንግረ ብእኡ ተፈጺሙ። እዝስ ፍሉይዶ ኣይገብርን!

ነብዩ ኢሳይያስ ብዛዕባ መንነት የሱስ ክርስቶስ፡ መዘና ዘይብሉን ተኣምራታዊ ሓይልታት ዚዓዘዞ ኣገልግሎታት ከም ዘበርክት ድማ ተነብዩ።

> "ሽው ኣዒንቲ ዕዉራት ኪኽፈታ፡ ኣእዛን ጸማማት ከኣ ጋህ ኪብላ እየን፡፡ ሽው ሓንካስ ከም እራብ ኪሰርር፡ ልሳን እቲ ዓባስ ከኣ እልል ኪብል . . . እዩ" (ኢሳ 35፡5-6ሀ)።

እዚ ትንቢት እዚ ብየሱስ ክርስቶስ

ተፈጺሙ (ማቴ 4፡23)። እሞ ብዛዕባ እቲ መንነቱን እቲ በረኸት ዝመልኦ ዘበርክቶ ኣገልግሎቱን ኣቐዲሙ ብትንቢት ተነጊሩ ዝነበረ እዩ። ኣጽጋቢ ፍጻሜታቱ ድማ ብየሱስ ክርስቶስ ተማሊኡ።

## 2. ነብይ ሚክያስ።

ነብይ ሚክያስ ብ 600 ቅልክ ኣቢሉ፡ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤትልሄም ናይ ይሁዳ ከም ዚውለድ ተነብዩ። እቲ ዮሴፍን ማርያምን ዝቕመ ጥሉ ዝነበሩ ድማ 90 ኪ.ሜ. (56 ማይልስ) ኣቢሉ ዝርሕቀቱ ኣብ ናዝሬት እዩ ነይሩ (ሚክ 5፡2)።



ብጽሕቲ ወርሒ ማርያም ብእግሪ ኰነ ብኣድግ-በቕሊ ኽትገሾ ዘይትኽእል መገዲ እዩ ነይሩ። እንተ ኾነ'ውን ኣዋጅ ቄሳር ኰይኑ ተገዲዶም። ቄሳር'ውን ከይተፈለጦ መሳርያ ናይ ምፍጻም ትንቢት ኰይኑ።

እምበኣር እቲ ልደት ዘተሓሳልፎ መልእኽቲ ነቕልበሉ። ትንቢት ቃሉ ብርግጽ ኪፍጸም እዩ። እቶም ተቓወምቲ ከይተረፈ ፈጸምቲ ትንቢታቱ ኰይኖም ተረኺቦም እዮም ንድሕሪ ሕጂ'ውን ከምኡ።

## 3. ተኣምራት ታሪኽ።

ብዛዕባ ስጋዊ ወለዶ የሱስ ክርስቶስ ከምቲ ብትንቢት እተባህለ ተፈጺሙ። የሱስ ካብ ወለዶ ኣብርሃም (ዘፍ 22፡18) ወለዶ ይስሃቅ (ዘፍ 21፡12 ዘፍ 22፡12) ወለዶ ያእቆብ (ዘሁ 24፡17) ነገድ ይሁዳ (ዘፍ 49፡10) ካብ ዘርኢ እሰይ (ኢሳ 11፡1) ካብ እንዳ ንጉስ ዳዊት (ኤር 23፡5) ከም ዚመጽእ ቅድሚ ኣሽሓትን ኣማእታትን ዓመታት ብትንቢታት ተነጊሩ። ይትረፍዶ ድሕሪ ኣሽሓት ዓመታትሲ፡ ተመክሮ ስደታት ከም ዚሕብረልና፡ ኣብ ካልኣይ-ሳልሳይ ወለዶ እኳ እቲ ወለዶና እንታይ ከም ዝኸውን ኣሸንኳይዶ ኽንፈልጦስ ነቑጣ እትኣክል ግምት'ውን የብልናን።

ካብ ኣብርሃም ክሳዕ ልደተ ክርስቶስ 42 ወለዶታት ኣሎ (ማቴ 1፡17)። ብዛዕባ የሱስ ክርስቶስ ከምቲ ብትንቢታት እተባህለ ሰንሰለታዊ ምትሕሓዝ ወለዶ ከየጥፍአ ተፈጺሙ።

## 4. መልእኽቲ ልደት።

ሓደ ካብቲ ዋና መልእኽቲ ልደት እምበኣር፡

- ኣምላኽ ወትሩ ኣብ ዝፋኑ ከም ዘሎ፡
- ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዚፍጸም፡
- ትንቢታት ቃል ኣምላኽ ከም ዚፍጸሙ፡ ታሪኻዊ ምስክር እዩ፡ እሞ ልደተ የሱስ ክርስቶስ ነስተማቕሮ!

ምመዋም ተከ ኣ መብራህቱ

# ቊስሊ ይሓዊ ክፉእ ተግባር ይዝንቢ

## *ዋዛ ምስ ቁምነገር*

ቊስሊ ይሓዊ ክፉእ ተግባር ግና ኣይሓውን ዝበለ ኣንበሳ እዩ ይብሃል። ሓደ እዋን ወዲ ሰብን ወዲ ኣንበሳን ዝጠፍእዎም ሰሰቦም ኪደልዩ፡ እቲ ብገርሁ፡ እቲ'ውን ከምኡ፡ ኣብ ሓደ ርሑቕ ቦታ ተጓነፉ። እቲ ሽግሮም ሓደ ስለ ዝኾነ ድማ ድሕሪ ሒደት ዕላል እምበኣር፡ ኣብዚ ኻብ ኩሉ ርሑቕ ዝኾነን መሮር፡ ሓቢሮም ድኣ ኪቕመጡ ተሰማምዑ። በዚ ክልቲኦም ባህ ኢልዎም ድማ ኪዳን ተኣታተዉ። ክልቲኦም ብምትእምማን ድማ እናተሓላለዩ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ተሓቛቚፎም እናተማወቑ ይድቅሱ፡ ተሓጓጒሶም ድማ ይነብሩ ነበሩ።

ግዜ እናሓለፈ ኸደ እቲ ሰብን ኣንበሳን ድማ ጎቢዞም እቲ ክንዲ ሰብ እቲ ድማ ክንዲ ኣንበሳ ኣኸሉ። ሓደ ጊዜ እቲ ሰብ ነቲ'ንበሳ፡ "ኣንታ ኣነስ እምበር ሰበይ ናፊቐ፡" በሎ። ምስኣ ኣልግብ ኣቢሉ ድማ፡ "ክኸይድ እሞ ርእየዮም ክመለስ፡" ኢሉ ዳርጋ ከም ሕቶ ገይሩ ንወደ'ንበሳ ኣቕረበሉ። ወደ'ንበሳ ድማ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ጽቡቕ፤ ኪድ ሰብካ ርአ። ኣነ ድማ ክሳዕ እቲ ጥቓ ዓዲ ከሰንየካ እየ፡" በሎ። በዚ ክልቲኦም ተሰማሚዖም ከዱ።

ኣብቲ ጥቓ ዓዲ ምስ በጽሑ ድማ እቲ ወዲ ሰብ ነቲ ወደ'ንበሳ፡ "በል ሕጅስ በጺሕና ኢና እሞ ንስኻ ኪድ ተመለስ፤ ኣነ ድማ ምስ ሰበይ ተረኣእየ፡ ምስኦም ምእንቲ ኽዕልል ድማ ክልተ መዓልቲ ጸኒሐ ክመጽእ እየ፡" በሎ። እቲ ወድ'ንበሳ ድማ "ሕራይ በል እሞ፡ ኣነስ እምበኣር ክምለስ፡ ንስኻ ግና፡ እቲ መገዲ ትፈልጦ ኢኻ፡ ምስ ሰብካ ተጻዊትካ ድሕሪ ኽልተ መዓልቲ ከም እትምለስ ግበር፡ ሕጂ ግና ደሓን ሕደር፡" ኢሉ ተፋንይዎ ኸደ።

እቲ ወድ'ንበሳ ኸኣ ከም እተመልሰ ኣምሲሉ፡ ኣብታ እቲ ወድ-ሰብ ዝኣተዋ ቤት ብድሕሪት ጽግዕ ኢሉ ተረፈ ኣብኣ'ውን ሓደረ። እቲ ሰብ፡ ወዮ እቶም ሰቡ ሞይቱ ኢሎም ቀቢጾሞ ዝነበሩ ምስ ረኣይዎ ገረሞም። ተተቐባቢሎም ከኣ፡ እቲ ኸሓቑፎ እቲኣ ኸትስዕሞ፡ እዚ ዘይብሃል ሓጐስ ኮነ።

"ኣረ እዚ ኩሉ ኣዋናት ኣበይ ኔርካ? ሞይቱ ኢልና ቀቢጽናስ ሓዘንና ወዲእና፡" ንሱ ድማ፡ "መነባብሮይ ምስ ወድ'ንበሳ እዩ፡" ኢሉ ምስ መን ኣበይ ብኸመይ ከም ዝነብር ኣስፊሑ ገለጸሎም። ኣይስንባድ ኣይምግራም ኰይኖም ድማ፡ ደጋጊሞም "እንታይ ኢኻ ትብል ዘሎኻ?" እናበሉ ኣጥበቕቢቕም ሓተትዎ።

እቲ መጀመርታ ኣብቲ ሕብረተ-ሰቦም ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ኩነት ኾይኑዎም እዩ። ምናልባሽ ድማ ዝጻወት ዘሎ'ውን መሲልዎም ይኸውን። ግና ናይ ልቡ ምዃኑ ምስ ተገንዘቡ፡ ጋን ኰይኑዎም፡ እቲ ነገሩ ምርዳእ ኣበዮም። ምስቲ ኣንበሳ ኣብ ሓደ ቦታ ሓቢሮም ከም ዝነብሩ፡ ተሓቛቚፎም ንሓድሕዶም ተሟዊቖም ድማ ከም ዝድቅሱ ምስ ነገሮም እንታይ ይብል ከም ዘሎ ፈጺሙ ደንጸዎም። ዝብልዎ ጠፊእዎም ድማ፡ "ኣንበሳን ሰብን ድኣ ከመይ ገይርኩም ብሓደ ኣብ ሓደ ትነብሩ? ኣይጽግመካን ድዩ?" ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ድማ፡ "ጸገም የብሉን። እቲ ጸጉሩ እንተ ኾነ ማሙቕ እዩ፡ ተተርኢሰዮ ድማ እየ ዝሓድር። ኣብቲ መጀመርታ እቲ ጨና ትሽቱሹ ምጻሩ ስኢነ ነይረ፡ ደሓር ግና ከም ዘይልመድ የሎን፡ እናለመደኩዎ ኸይደ፡" ክብል ኣካፈሎም።

ነዚ ኹሉ፡ እቲ ወደ'ንበሳ ኣብቲ ጎቦ ገዛ ሸጕጥ ኢሉ ይሰምዕ ነበረ እሞ፡ በቲ ዝሰምዖ ድማ ኣዝዩ ጕሃየ። ኣይእ! ኢሉ ብልቡ እናተከዘ ድማ ንቦትኡ ተመልሰ።

ከምቲ ዝተሰማምዕዎ፡ እቲ ወድ ሰብ ናብ ቦትኡ ተመልሰ። እቲ ወድ'ንበሳ ድማ ብብሩህ ገጽ ተቐበሎ። ብዛዕባ እቶም ዝረኣዮም ሰቡ ከመይ ከም ዘለዉ ተገዲሱ ብለውሃት ሓተቶ።

እቲ ሰብ’ውን ኩሉ ብዛዕባ እቲ ምስቶም ሰቡ ዝነበሮ ግሩም ጊዜ ኣካፈሎ። ሽው፡ እቲ ወደ’ንበሳ፡ ኲናት ኣልዕሉ ነቲ ወድ ሰብ፡ “እንካ በዚ ጌርካ ኣብ ቱሽቱሽይ ውግኣኒ፡” በሎ። እቲ ወድ-ሰብ ድማ ኣይስንባድ ኣይምግራም ኰነ። “ደሓንካ ትብል! እንታይ ጌርካኒ ኢለ! ደሓር ከኣ ንዓርከይ በዓል ኪዳነይ ድኣ ከመይ ገይረ ኽወግእ?” በሎ። ሽው እቲ ወድ’ንበሳ፡ “እንተ ወጋእካኒ ይሕሸካ። እንተ ዘይኰነስ ሰባቢረ ኽድርብየካ እየ፡” በሎ። ወዮ ሰብ ሰንቢዱ፤ ግና ግዲ ኹይኑዎ ምርጫ ከም ዘይብሉ ተረኢዲኡ ነቲ ኲናት ተቐቢሉ እናፈርሀ፡ ብራዕዲ ወርዊሩ ነቲ ወግኡ። ሽው እቲ ወደ’ንበሳ ብቕንዛ ገጹ እናኣሳሰረ፡ “እምበኣር ካብዚ ንንየው ቁስለይ ክሳዕ ዝሓዊ፡ ኩሉ ዘድልየኒ እናሃብካ ተኸናኸነኒ፡” በሎ።

እቲ ሰብ፡ እቲ ነገር ኣይተረድኦን፡ ግና ንወድ’ንበሳ ክሳዕ ዝሓዊ እናዓንገለ ተኸናኸኖ። ሽው ምስ ሓወየ፡ እቲ ወድ’ንበሳ፡ “ስሚዕካዶ ዓርከይ፡ ቍስሊ ሓዋዩ እዩ። ክፉእ ግብሪ ግና ኣይሓውን። ርአ፡ እዚ ብኹናት ወጊእካ ዘቘሰልካኒ ድሮ ሓውዩ እቲ ቓንዛ’ውን ተረሲዑ። እቲ ምስ ሰብካ ኹንካ ብዛዕባይ ዝበልካዮ ዘሕምም ሕሜታ ግና ክሳዕ ዝኾነ ይኹን እዋን ዘይሓዊ ግናይ ነገር እዩ፡” በሎ። ጽንሕ ኢሉ ሽው፡ “እሞ፡ ንስኻ ናብ ወገንካ ኺድ ኣነ ድማ ናብ ወገነይ ክኸይድ እየ፡” ኢሉ ተፋነዎ ይብሃል።

## እቲ ነጥቢ . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . . .

ኣብ ባህልና፡ እቲ ንንኣሽቱ ዝንገር ትምህርቲ ሓዘል ዝኾነ ጽውጽዋያት ዳርጋ ኹሉ እንስሳታት ተዋሳእቲ ኣለዉዎ። እዚ ናይ ሎሚ ድማ እንተ ወሓደ ክልተ ዓበይቲ ነጥብታት ዝሓዘለ ይመስል። በቲ ሓደ ወገን፡ እቲ “ኣይትጥለም ኣማኒኻ፡ ከይጠልመካ ፈጣሪኻ” ዝብል ምስላ ለባማት ኣቦታትና፡ ከመይ ዓሚቝ ምዃኑ የርኢ። በቲ ሓደ ኻልእ ወገን ድማ፡ ምስዘይ መቋርንትኻ ምቁራን፡ ከቢድ ምዃኑን፡ ኣብ መወዳእትኡ እውን ንኹሉ ስቓይ ከም ዘኸትል የርኢ። እቲ ንህይወትና ዝምልከት እንገብሮ ናይ ሕጂ ውሳኔ፡ ኣብቲ ናይ መጻኢና ዓቢ ግደ ዝጻወት፡ ደሓር’ውን እንኮ ወሳኒ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ኣብ እንገብሮ ኣድላዪ ዝኾነ ውሳኔታት ከመይ ብዓሚቝ ምሕሳብን ብዓቢ ጥንቃቐን ብምስትውዓልን ከም እንገብሮ ንኽን ግንዛብ ዘዘኻኽር ዓቢ ትምህርታዊ ጽውጽዋይ እዩ።





**Be a SPONSOR for “Besserat” to reach those yet to be reached.**

| | |
|---|---|
| - 5 magazines | \$ 65.00 a year. |
| - 10 magazines is | \$ 120.00 a year. |
| - 15 magazines is | \$ 175.00 a year. |

You may also subscribe as a gift for the ones you care. Be a part of the ministry . . . You will be glad you did.

**REMINDER**:
Have you sent in your annual subscription? If you did not it is not too late to do so (don't mail cash, make cheques payable to BES. Mailing address is 142 King Avenue, Columbus, OH 43201)



# ኣነ እየ!

ፓስ. ነጋሲ ደስታ

"እታ ሰበይቲ ድማ ክርስቶስ ዚብሉዎ መሲህ ከም ዚመጽእ፡ አልጥ ሎኹ። ንሱ ምስ መጸ ኸኣ፡ ኵሉ ኺነግረና እዩ በለቶ። የኡስ ከኣ፡ ኣነ ዝዛረበኪ ዘሎኹ ንሱ እየ፡ በላ" (ዮሃ 4፡25-26)

"ንኣምላኽ ንፍለጦ ንስዓቦ" እዚ ቃል እዚ ኣብ ኣብ ትንቢት ሆሴእ (ጥቕሲ) ሰፊሩ ንረኽቦ። ኣብዚ ሎሚ ሓቢርና እንካፈሎ ትምህርቲ ድማ የሱስ ክርስቶስ ነታ ሳምራዊት ሰበይቲ፡ "ኣነ እየ" ኢሉ ክፋለጣ ኸሎ ንርእዮ። እዚ ክከውን ከሎ ግና ድሕሪ ነዊሕ ስርርርብን ሕቶን መልስን እዩ ነይሩ። ኣብ መወዳእታ ግና "ኣነ እየ" ምስ በላ እቲ ብዛንታ እትፈልጦ የሱስ ብጋህድን ብተሞክሮን ክትፈልጦ እኽኣላ። እዚ ድማ ማይ ኣስትይኒ ኢለ ዘረብኡ ካብ ዝጅምር ማይ ህይወት ክሳዕ እትረክብ ኣይሓደጋን። ኣብ መወዳእታ፡ ንሳ ድማ ትብሎ፡ "ክርስቶስ ዝብልዎ መሲህ ከምዝመጽእ እፈልጥ ኣሎኹ ንሱ ምስ መጸ ኩሉ ኺነግረና እዩ።" በለቶ። የሱስ ድማ ትቕብል ኣቢሉ፡ ኣነ ዝዛረበኪ ዘሎኹ ንሱ እየ" በላ።

እግዚኣብሄር ፈታሪ ኩሉ እንርእዮን ዘይንርእዮን ኣብ ርሺ ምኳኑ ክሳዕ ሕጂ ንድሕሪ ሕጂ'ውን በቲ ወራሲ ኩሉ ጐይትታና የሱስ ክርስቶስ ንሰባት ካብ ሓጢኣት ምእንቲ ኼድሕነና "ኣነ እየ" ኢሉ ርእሱ ይገልጸልና።

ኣብ ወንጌል ሉቃስ፡ 24፡ 36-39 እንረኽቦ ብዛዕባ ክልተ ካብ ደቀ መዛሙርቲ የሱስ ክርቶስ ተስፋ ብምቑራጽ ብዛዕባ ስቕለቱን ሞቱን እናተዘራረቡ ይከዱ ከም ዝነበሩ ይንገር። "እዚ ኺዛረቡ ኸለዉ ከኣ የሱስ ባዕሉ ኣብ ማእከሎም ደው ኪሉ ሰላም ንኣኻትኩም ይኩን" በሎም። ንሳቶም ከኣ መንፈስ ዝረኣዩ መሲልዎም ፈሪሆም ሰምበዱ። ንሱ ኸኣ "እንታይ ኰንኩም ኢ ኹም እትስምብዱ? ከምዚ ዝበለ ሓሳብከ ስለምንታይ ኣብ ልብኹም ይለዓል? ኣነ ባዕለይ ምኻነይ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ረኣዩ። ከምዚ ንኣይ ዘሎኒ እትርእይዎ ዘሎኹም ንመንፈስሲ ስጋን ዓጽምን የብሉን እሞ ኣረምሲስኩም ረኣዩኒ" በሎም። እዚ ኢሉ ኣእዳውን ኣእጋሩን ኣርኣዮም።

ኣብዚ እንነብሮ ዘሎና ዘበን ጐይታ ይሱስ ክርስቶስ ብስጋ መጺኡ ርእሱ ኺገልጸልና ፍቓዱን ጊዜኡን ኣይኰነን። የግዳስ ብመንፈሱን ብቓሉን ገይሩ ይገልጸልና። ኣብ ወንጌል ዮሃንስ ምዕራፍ 14፡1፡ "ልብኹም ኣይሸበር ብኣምላኽ እምነኡ፡ ብኣይውን እመኑ ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ። እንተ ዘይህሉስ ምበልኩኹም ነይረ። ስፍራ ኼዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ። ከይደ ስፍራ ምስ ኣዳሎኹልኩም ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ክትኰኑስ

ተመሊሰ ክመጽእ እየሞ ናባይ ክወስደኩም እየ።” ንሕና ንጐይታ እንፈልጠሉ መገዲ እምበኣር ከምቲ እቲ ቃሉ ብንጹር ዝብሎ ብእኡ ምእማን ጥራይ እዩ።

ብሓቂ ብምርኣይ ዘይኰነስ ብምእማን እዩ። ሃደ ጊዜ ደቀ-መዛሙርቱ ጐይታ ምትንስኡ ኺገልጸሎም ከሎ ቶማስ ምስኦም ኣይነበረን። እቶም ካልኦት ደቀ-መዛሙርቱ ድማ “ንጐይታ ሪኢናዮ” በልዎ። ንሱ ግና፡ “ኣሰር እቲ ሽንካር ኣብ ኢዱ እንተ ዘይረኣኹ ኣጻብዐይ ከኣ ኣብቲ እተሸንከሮ እንተ ዘይኣእተኹ ኣብ ጐድኑውን ኢደይ እንተ ዘይኣእተኹ ኣይኣምንን እየ” በሎም።

ካልእ መዓልቲ ቶማስ ምስቶም ደቀ-መዛሙርቲ ከሎ መዓጹውን ኩሉ ተሸጒሩ ኸሎ ኣብ ማእከሎ ደው ኢሉ “ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን” በሎም። ደሓር ከኣ ንቶማስ ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ ነእዳወይውን ርአ፡ ኢድካ ከኣ ናብዚ ኣምጽእ እሞ ኣብ ጐድነይ ኣእትዋ፡ ኣማኒ እምበር ዘይኣማኒ ኣይትኹን” በሎ። ቶማስ ነዚ ኹሉ ምስ ረኣየ ኣመነ፤ “ጐይታይን ኣምላኸይን” ድማ በሎ(ጥቕሲ)።

የሱስ ክርስቶስ፡ “እቶም ከይረአዩ ዚኣምኑ ብጹኣን እዮም” በለ። እምበኣር ነፍሲ ወከፍ ንየሱስ ክርስቶስ ምፍላጡ፡ ብእኡ ምምእማኑ እዩ። ንሱ ድማ ከምቲ፡ “ኣነ መገድን ሓቅን ህይወትን እየ” ዝበሎ፡ ብግርህነት ክትንቅበሎን ክትኣምኖን ከሎኻ እዩ(ጥቕሲ)። ደጊሙ፡ “ብዘይ ብኣይ ሓድኺ ናብ ኣቦ ዚመጽእ የልቦን” ይብል (ጥቕሲ)።

ህድእ ኢልና፡ ኣብ ቦታ ናይ እታ ሳምራዊት ሰበይቲ ኾንና ንሕሰበሉ። ነቲ “ኣነ እየ” ዚብል ዘሎስ ፈሊጥናዮዶ? እሱ እቲ መድሓኒ እዩ፡ ከምቲ ዝበሎ ድማ ብዘዩ ብእኡ ነቦ ክርእዮ ዝክእል ሓደ እኳ የልቦን። ካብ ናይ ዘለኣለም ኲነኔ ኽንድሕን፡ እሞ ኣብቲ ንሱ ዘለዎ ኽንነብር እንደሊ ኹንና ኽንፈልጦ ናይ ግድን እዩ። እቲ ጽሑፍ ኣብ ትንቢት ሆሴእ “ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ፡” ዝብሎ ኣባና ኸይፍጸምሲ፡ ንፍለጦ (ጥቕሲ)።

ነፍሲ ወከፍና ደቂ ሰባት ሌላን ጉሌላን ብዘይብሉ ዝተዋህበ መሎኮታዊ ዕድመ፡ “ኣቶም ኩሉኹም እትጽዕሩን ጾር ዚኸበደኩምን ኣነ ኼዕርፈኩም ናባይ ንዑ። ኣነ ለዋህ እየ ልበይውን ትሑት ኣርዑተይ ፈኲስ ጾረይውን ቀሊል እዩ እMኡ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ክባይውን ተማሃሩ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡ ኢኹም” ይብል (ማቴ 11፡28-30)።

ኣብ እንነብረሉ ዘሎና ዓለም ብጥርነፍ ዝበለ ኣመለኻኽታ፡ ክልተ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣነባብራ ንምልከት። እቲ ሓደ እቲ ሓደ ብመሪሕነት ናይ የሱስ ክርስቶስ፡ ምስኡ እናተዋሳእካ ሰላምን ዕረፍትን ቅሳነትን ህያው ተስፋን ዘለዎ፡ ምስ ኩሉ ርዝነትን ኣምልኾን፡ ምስ ኣምላኽ እናተወከስካ ብጸሎትን ምህለላን እትነብሮ ናብራ እዩ።

እቲ ካልኣይ ድማ ዓይነት ኣነባብራ ድማ ብናይ ርእሰ-መሪሕነት፡ ርግጸኛነት ዘይብሉ ጉዕዞ፡ ብፍርሂ፡ ናይ መጻኢ ዘየርኢ ጸልማት ዝኾነ ዕጋበት ዘይብሉ፡ ሓንሳእ ብጊዚያዊ ሓጐስ ሓንሳእ ብሕርቀትን ምንጽርጻርን ምጉርምራምን ዝተሰነየ፡ እትነግረሉ ዘይብልካ ዓይነት ናብራ እዩ። እሞ ካብ ፍርህን ብዘይ ርግጽነትን፡ ቅልውላውን እተላዕጠጠ ናብራስ፡ ምስቲ

ርግጽ ህያው ዝኾነን ተስፋ ሂቡ ምስኡ ኽትክውን ክሳዕ እትኽይድ ድማ መለኮታዊ መሪሕነት እናለገሰ ካባኻ ዘይፍለ ምንባርዶ ኣይሓይሽን! እምበኣርሲ እቲ ንየሱስ ክርስቶስ ምፍላጥን ዘይምፍላጥን ኽንግንዘቦ ንኽእል። ኣበይ ከም ዘሎና እውን ከም መምዘኒ ንርኣዮ እሞ፡ ንህይወትና ንመርምር። ንየሱስ ክርስቶስ ንፈልጦ ዲና? እንተ ድኣ ገና ዘይፈለጥናዮ ኼንና ሕጂ ጊዜ ኽሎ ንፍለጦ።

እምበኣርሲ፡ ወግሐ ጸብሐ ቃሉ ይዕድመና ኣሎ። ጻውዒት ኣምላኽ ኣይንንጸግ። ናብኡ ንቕረብ። የሱስ ድማ ምሕረቱን በረኸቱን ኣዳልዩልና ስለ ዘሎ ናትና ንግበሮ። እንተ ዘይኰነስ ከምቶም ኣብ ወንጌል ሉቃስ 14፡17-24 ዘለዉ ዝተፈላለየ ምኽንያት ኣቕሪቦም ዝነጸግዎ ኰይንና ኽይንተር ንጠንቀቕ።

እቲ ቐንዲ ኣድላዪ ኰይኑ ዝተሰምየም ናይ ግራት ምኽሓል፡ ሰበይቲ ምእታው። ኣብዑር ምፍታን ወዘተ፡ እናበሉ ነቲ ኣብ ህይወት እቲ ቐዳማይን ኣድላይን ዝኾነን ግና ሸለል ኢሎሞ። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ እቲ መወዳእትኦም ስለ ዘይጸበቐ ንወጻኢ ተደርብዮም።

እሞ፡ ድኣ ንኣይን ንኣኹምን ኣብቲ ናይ ኣምላኽ ኽይንርከብ ዝፈልየናስ እንታይ እዩ? ምእንቲ ኹሉ ኪሰልጠናስ እቲ ቐዳማይ ኣብ ህይወትና ንኣምላኽ ኣይተድልየንን ኢኻ ብዝብል ኣተሓሳስባ እንገብሮ ዋኒናት ዝሰልጥ ዘሎ እኳ እንተ መሰለ መወዳእትኡ ምስላጥ የብሉን።

ኣብ እዞም ዝተዓደሙ ኩሎም እሞ ዘይመጹ እሞ ነስተብህል። እቲ ጕይትኦም፡ "ሓደ እኳ ንድራረይ ኣይኪጥዕሞን እዩ እብለኩም ኣሎኹ" ኢሉ። ኣሕዋት፡ ኣነን ንስኻትኩምን ድማ ናብቲ ድራር ዕዱማት ኢና። እዚ ማለት ድማ ተኻፈልቲ ጽድቂ ኣምላኽ፡ ወረስቲ መንግስተ-ሰማያት፡ ክንከውን ብጐይታ ጽዉዓት ኢና። ስለዚ፡ ነቲ ጽውዓን ነቲ ዝጽውዓና ዘሎ ኣምላኽን ሸለል ኣይንበል። ናብኡ ንምጻእ፡ ብእምነትን ንስሓን ድማ ኣብ ቅድሚኡ ንቕረብ። ንሱ ድማ ብዓል ዕእቢ ሳህልን ምሕረትን እዩ እሞ፡ እንርእዮን ዘይንርእዮን እንፈልጦን ዘይንፈልጦን ኩሉ ሓጢኣትናን በደልናን ኺሓድገልና እዩ።

ኣብ መወዳእታ እታ ሳምራዊት ሰበይቲ፡ "ዕትሮኣ ሓዲጋ ኣብ ከተማ ኣተወት ነቶም ሰብውን ዝገበርኩዎ ዘበለ ዝነገረኒ ሰብኣይ ንዑ ርኣዩ፡ እንድዒ ክርስቶስ ኰን ይኸውን በለቶም"። እዛ ሰበይቲ እዚኣ ብዓሌታ ካብቶም ዚሕበኑ፡ በቦታቶም ብከም እኒ ያቆብ፡ ይስሃቅ ድማ ዝምክሑ ዓይነት እያ ነይራ። ይኹን እምበር፡ የሱስ ክርስቶስ መን ምዃኑ ምስ ገለጸላ፡ ኣሚና ንብዙሓት ድማ ኽትምስክር ከላ ትርእ፡ ብዙሓት ስለ ቓሉ ኣመንዎ። በልዋ ድማ፡ "ደጊምሲ ባዕልና ድኣ ንሱ ብሓቂ ክርስቶስ መድሓን ዓለም ምዃኑ ኣሚንናን ፍሊጥናን እምበር ኣይብዘረባኽን ኢና እንኣምን ዘሎና ይብሉዋ ነበሩ" (ዮሃ 4፡42)።

ንሕና ደቂ ሰባት ክንምክሓሉ እንእኽል ብዙሕ ነገራት ከም ዘሎ ይስምዓና ይኸውን። ገሌና ብፍልጠት፡ ገሌና'ውን ብዓሌት ወይ ብሃብቲ ወይ ብስልጣን ወይ ብሓይሊ ወይ ብጥበብ ወዘተ። ይኹን እምበር ኩሉ ኺሓልፍ

ኺረግፍ እዩ። ብሓቂ ኩሉ ከንቱ ናይ ከንቱ እዩ ምኽንያቱ ነባሪ ኣይኰነን። ንጐይታ የሱስ ብመሰረት ቃሉ እንተ ፈለጥናዮን እንተ ኣመንናዮን ግና ብእኡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪኾነንልና እዩ። እምበኣርከስ የሱስ "ኣነ እየ" ኢሉ ርእሱ ኺገልጽ ከሎ ንሱ እቲ ናይ ሓቂ መገዲ፡ ህይወት ምኻኑ፡ እሞ ንሱ ንጽድቅና ምኻኑ ንነግረና ኣሎ እሞ፡ ንፍለጦ። "ሽዑ እቲ ንጉስ ኣብ የማኑ ንዘለዉ ይብሎም፡ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት ንዑ እቲ ካብ ምስራት ዓለም እተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ" (ማቴ 25፡24)